Tewahdo.org cyber ministry

# ስርዓት ኣምልኮ ተዋህዶ ቤተክርስትያን

**ጥቅምቲ 4ይ ሰንበት**

**ናይ ዕለቱ ምንባባት ወንጌልን ምስባክን (ዘመነ ጽጌ፤ ካብ መስከረም ፳፮ - ሕዳር ፮ ግእዝ)**

**1ይ ዲያቆን:- ሮሜ** 7፥1 - 14 Romans)
**2ይ ዲያቆን:- 1ይ ጴጥ** 1፥ 21-25 1st Peter )
**2ይ ካህን:- ግብ** 22፡1-6 Acts )
**1ይ ካህን:- ማቴ** 6፡25-34 Matt)

**ቅዳሴ:- ቅ. ማርያም**
**መዝሙር:- በጊዜሁ ሓለፈ ክረምት ቆመ በረከት"**

ንብርሃንን ጸሓይን ገበርካየን። ንብዘሎ ወሰናት ምድሪ ንስኻ ኣጽናዕካዮ፣ ንሓጋይን ክረምትን ፈጠርካዮም። መዝ 74.16-17።

ኣንተ ፈጠርከ ፀሓየ ወወርኃ፣ ወኣንተ ገበርከ ኣድባረ ወምድረ ኩሎ፣ ክረምተ ወሓጋየ ኣንተ ፈጠርከ።መዝ 73.16-17። “you established the sun and moon. It was you who set all the boundaries of the earth; you made both summer and winter.” Psalms 74.16-17.

## ብዛዕባ ጽባሕ ኣይትጨነቑ

ኣብዚ ዕለት'ዚ ክረምቲ ኣሕሊፉ ናብዚ ናይ ዕምባባን ፍርያትን ጊዜ ስለዘብጽሓና ንእግዚኣብሄር እነመስግነሉ ዕለት'ዩ። ኣምላኽ ንዓለም ዝምግብን ዝሰረተን ንሱ ጥራይ ምዃኑ ንኣምን። እዚ ስለዝኾነ ድማ፣ ንዘመናት ዝገዝእ፣ ለይትን መዓልትን ዝፈጠረ፣ እግዚኣብሄር በመለኮታዊ ክእለቱ ሓጋይን ክረምትን ዝኸፋፈለ፣ በብጊዚኡ፣ በብሰዓቱን ወቕቱን ንሰባት ዘድልዮም ዝህብ ኣምላኽ ከምዘለና ፈሊጥና ጽባሕ ብዝኸውን ነገር ኣይንጭነቕን። ብዛዕባ ጽባሕ እናተጨነቕና ናይ ሎሚ ህይወትና ከነባኽና ድማ ኣይግባእን።

ኣምላኽና ኣብ ግዜ ክረምቲ ንዝተዘርአ ዘርኢ፣ ኣብ ጭቃ ዝወደቐ እክሊ ብዝናብ ኣብቝሉ፣ ብዕምባባ ኣወቂቡ፣ ብፍርያት ባሪኹ ንምግቢ ዘዳሉ ኣምላኽ ብምዃኑ፣ ንዓና ዝብላዕ ካብ ምሃብ ንላዕሊ፣ ንህይወትና ዝፈጠረ ምዃኑ ብምስትውዓል ብዛዕባ ጽባሕ ክንጭነቕ ከምዘይግባእ "ካብ ብልዒስ ህይወትዶ ኣይትበልጽን? ካብ ክዳንስ ስጋዶ ኣይበልጽን? ስለዚ ንህይወትኩም ብትበልዕዎን ብትሰትይዎን ወይስ ንስጋኹም ብትኸድንዎን ኣይትጨነቑ" እናበለ ብናይ ዕለታዊ መግብን ክዳንን ከይንጭነቕ፣ እቲ ንነብሲ ዝፈጠረ ኣምላኽ ዝብላዕን ዝስተን ንኽህበና ከምዘይጨንቆ ከነስተውዕል ይግባእ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ፈቖዶ ኣኽራናትን መሮርን ኣታኽልትን ዘራእትን ብጽጌረዳ ማዕሪጎም ንርእዮም። ንኣታኽልቲ-መሮርን ዘራእትን ዘማዕረገ ኣምላኽ ንዓና ዝብላዕን ዝኸደንን ንኽህበና ከምዘየጨንቖ፣ ነዕዋፍ ሰማይ ዝምግብ ኣምላኽ ነቲ ብመልክዑ ዝተፈጥረ ሰብ ከምዘይርስዖ ክንእምን ይግባእ። ሰብ ተጨኒቑን ሓሲቡን ዝውስኾን ዘጉድሎን ከምዘየለ ንምግላጽ ድማ " ካባኻትኩም ተጨኒቑ ኣብ ልዕሊ ቁመቱ ሓንቲ እመት ክውስኽ ዝኽእል መን ኣሎ?" እናበለ ይሓተና።

እንተኾነ ሰሎሞን እኳ ምስ'ዚ ኩሉ ክብሩ ዘይለበሰ ንምድሪ ብጽጌረዳ ዘማዕረገ፣ ማዕከን ንዘይብለን ኣዕዋፍ ሰማይ ዝመገበ፣ እቲ ኩሉ ዝከኣሎ ጎይታ ክምግበና ከምዝኽእል ክንመሃር ምእንቲ ኣዕዋፍ ሰማይን ዕምባባታት መሮርን ተጠቂሶም ዘለዉ። ኣምላኽ ነቲ ሎሚ ብጽጌረዳ ማዕሪጉ ጽባሕ ዝረግፍ ዕምባባ መሮር ካብ ሸለሞ፣ ንዓና ዝያዳ ከምዝሓልየልና ከነስተውዕል ምእንቲ ኢሉ "እምበኣርከ እንታይ ንበልዕ እንታይ ንሰቲ፣ እንታይ ንኸደን ኢልኩም ኣይትጨነቑ። ነዚ ኹሉስ ኣሕዛብ ይደልይዎ እዮም እሞ ንኣኻትኩም እዚ ኹሉ ከምዘድልየኩም ናይ ሰማይ ኣቦኹም ይፈልጥ እዩ። ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፣ እዚ ኹሉ ድማ ይውሰኸልኩም። ጽባሕ ንርእሳ ትጭነቕ እያ'ሞ ንጻባሕ ኢልኩም ኣይትጨነቑ። ንመዓልቲ ክፍኣታ ይኣኽላ።" ይብለና።

ስለዚ፣ ካብ ምጭናቕ ተገላጊልና ከምቲ ቅዱስ ያሬድ ዚበሎ "ኩሉ ሰናይ ንዝገበረልና ኣምላኽ ነመስግኖ" እናበልና ነመስግን።

ንህይወትና ብዘድልየና ነገር ከይንጭነቕ ተወሳኺ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ክፍልታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፣

- ያእ 4፥13-16፣ ጎይታ እንተ ፈቒዱ ድኣ በሉ እምበር ጽባሕ ብዝኸውን ኣይተጨነቑ።
- 1 ጴጥ 5፥7፣ ንኹሉ ሓልዮትኩም ኣብኡ ኣውድቕዎ።
- ሉቃ፣ 12፥16-21፣ ብዛዕባ ነፍስና ድኣ'ምበር ብዛዕባ መዝገብናን ሃብትናን ኣይንጨነቕ።
- ዘጸ፣ 16፥1-36፣ እግዚኣብሄር ዝሃበና ይኣኽለና፣ ዘድልየና ድማ ካብቲ ማና ብዘይስስዐ ክንወስድ ይግባእ።
  ከም እስራኤላውያን ካብ መኣዲ እግዚኣብሄር ከይንሰርቕ ንጠንቀቕ።

ካብ ዘመን ክራማት ናብ ዘመን ፍርያት ዘሳገረና ኣምላኽ ዝተመስገነ ይኹን።

ትርጉም፡ ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፤ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።
ብፍቓድ ደራሲ መም. ልዑለቃል ኣካሉ።